# ሓደሓደ ልሙድ ኣፈታሪካት ብዛዕባ ስደተኛታት

**ድሕረ ባይታ/መለዓዓሊ**

ስደተኛታት ካብ ዓዶም ወጻኢ ዝርከቡ ብምኽንያት ግፍዒ ናይ ዓሌት ብሄር፥ ሃይማኖት ኣታሓሳስባ ወይድማ ናይ ፖለቲካ ጉጅለ ኣባል ብምዃን ብፍርሒ ንዓዶም ክምለሱ ዘይኽእሉ ሰባት እዮም።

ኣብዚ እዋን ኣብ ኩሉ ዓለም እንታብ 21 ሚሊዮን ዝኾኑ ስደተኛታት ኣለው። ሰማንያ ካብ ምኢ ቲ ደቂኣንስትዮ ቆልዑትን እዮም ካብ20–25 ሚሊዮን ኣብመገዛ ዓዶም ውሽጢ ተፈናቒሎም ዝነብሩ (ካብ ገዝኦም ተገዲዶም ዝወጹ ሰባት ኣለው።).

ብናይ ዓለምለኸ ሕጊ ስደተኛታት ንዑቑባ ንምምልካት መሰል ኣለዎም እሞ ግፍዒ ዝበጽሖም ንዘም ልጡ ስደተኛታት ኣውስትራሊያ ምስ ናይ ተሓባበሩ መንግስታት ብምስምማዕ 1951 ዓም ከምዝፈረመ ት መሰረት ንስደተኛታት ንይግባኣኒ ሕቶኦም ክትቅበል የግድዳ።

ብመስከረም 2001 ዓም ናይ ኣውስትራሊያ መንግስቲ ንስደተኛታት ሕጋገ ናይ ጠረፍ ሓለዋ ሕጋገ ብምምሕያሽ ኣብ ናይ ኣውስትራሊያ ግዝኣት ግዴትኦም ንዘየማልዑ ሰባት ዕቁባ ንምሃብ እምቢ ም ባል ዘይምቕባል ይኽእል።

**1. ኣብ ኣውስትራሊያ ብስደተኛታት “ተወሪራ” ወይድማ “ተዋሒጿ” እዩ**
ኣብ ማእከላይ ምስራቅን ደቡብን ኢስያ በዝበጽሕ ዘሎ ሓደጋን መዓትን ናብ ኣውስትራሊያ ዝመጽእ ሰብ ኣብዚሕዎ እዩ። ዝኾነ ኮይኑ ዝተገለጹ ከም “ውሕጅ” ወይካዓ እኩብ ሕዝቢ “ጭፍ” ዝብል ኣገላልጻ እቲ ኣወስትራሊያ ኣጓኒፍዋ ዘሎ በዚሒ ምስቲ ናይ ዓለም ኩነታት ኣብ ግምት ካኣቱ ኸ ሎ ምስ ሓቂ ዝተዛመደ ኣይኮነን።

ኣውስትራሊያ በበዓመቱ ብዝተፈላለየ መደብ 12 000 ስደተኛታት ንኽትቕበል ዘውጸኣቶ ኮታ ኣለዋ ። በበዓመቱ እዚ ኮታ ኣይመለእን ኣብ 2000 ዓም ውሽጢ ጥራሕ ኣውሮፓ 300 000 ስደተኛታት ኣብ ዕቑባ ሓቲቶም።

ኣብዚ መበል 20 ክፍለ ዘመን ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ውሽጢ ናይ ኣውሮፓ ሃገራት 6.3 ሚሊዮን ናይ መዕቖቢ ሕቶታት ክቕበላ ኸለዋ ካናዳን ኣሜሪካ 2 ሚሊዮን ተቐቢለን ኣውስትራ ሊያ፥ ኒዊዚላንድን ጃፓንን ብሓባር ግና 107 000 ጥራሕ ተቐቢለን። ካብቲ ዝማዓበላ ሃገራት ቁሩ ብ ልዓሊ ሓደ ካብ ሚዕቲ ጥራሕ ሙኟኑ እዩ።

**2. ናይዚ ዘሎ ፖሊሲ ተጻረርቲ ስደተኛታት ብዘይ ገደብ ክኣትው ይደልዩ፥ እዚውን ሽብርት ፈጠ ርቲ ናብ ኣውስትራሊያ ንኽኣትው ይገብር።**
ኣብ ክንዲ ስደተኛ ዝዛረብ ዝኾን ሰብ ስደተኛታት ብዙይ ገደብ ንኽኣትው ኣይድግፍን። ብዘይ ፈቓድ ኣብዚ ዝበጽሑ ሰባት ይእሰሩ፥ ናይ መዕቖቢ ሕቶም ንምጽራይ ነዊሕ ግዘ ይወስድ። መብዛ ሕትኦም ትኽክለኛ ስደተኛ ኮይኖም ይርከቡ። ናይ ኣውስትራሊያ ብጅልባ ዝኣተወ መዕቖቢ ሕታቲ ምስ ሽብር ምፍጣር ምትእስሳር ክምዘለዎ መረጋገጺ የለን።

**3. ደተኛታት ባህሎም ብጣዕሚ ዝተፈለይ ስለዝኾነ ምስ ናይ ኣውስትራሊያ ኣነባብራ ከመሳስሉ ኣ ይኽእሉን።**
ከምዚ ዝመሰለ ውንጀላ ኣብ ኩሉ ነእስ ዝበለ ዕሌት ናይ ጻዕዳ ምስፋር ካብዝጀመረሉ ግዘ ክብሃል ዝጸንሓ መርገጺ እዩ። ካብ ካቶሊክ፥ ኣይሪሽ፥ ቻይናን፥ ናብ እስራዔላውያን ኣብ ግዘ ነዚ፥ ግሪክ ፥ ጣሊያን ከምኡውን ቬትናም እዞም ኩሎም ዓሌት ኣብ ኣውስትራሊያ ብዝግባእ ሰፊሮም እዮም ።እቲ ኸይዲ ኩሉሻዕ ለማጽ ኣይኮነን። ኣብ ኩሉ ቦታ ምስዝጓንፍ ጎንጺን ጽልኢትን ክነጻጸር ኣለዎ ። ናይ ኣውስትራሊያ ሕብረ ብሄር መረኣያ ክኸውን ዝኽእል ውጽኢት እየ።

**4. ኣውስትራሊያ ካብ ዓለም ንስደተኛታት ብጣዕሚ ለጋሳት ካብ ዝኾነ ሃገራት ሒዛ እያ**
ስደተኛታት ካብዝተቐበለ 71 ሃገራት ውሽጢ ኣውስትራሊያ ስደተኛታት ብዝተቐበለቶ ጠቕላላ በዚሒ ክምዘን ከሎ ኣብ መበል 32 ደረጃ ትርከብ። በንሓድኡ ካፒታል ክርኣይ እንከሎ ኣውስትራሊያ ኣ ብ መበል 38 ብቑሩብ ድሕሪ ካዛኪስታን፥ ጊኒ፥ ጅቡቲን ሲሪያን ትርከብ። ካብተን 29 ዝማዕበላ መዕቖቢ ዝሓቱን ዝቕበላ ሃገራት ኣውስትራሊያ ኣብ መበል 14 ትስራዕ።

እቲ ዝለዓ ለ ስደተኛታት ናይ ምስካም ግደ ኣብ ድኻታት ዓዲታት ኮይኑ ይርከብ። ካብ ዝማዕበላ ሃገራት ጀርመን (906000) ከምኡውን ኣሜሪካ (507290) ጥራሕ ዝላዓለ ቁጽሪ ሰባት ስደተኛ የታኣ ናግድ።

**5. ብጀልባ ዝመጹ ሰባት ትኽክለኛ ስደተኛታት ኣይኮኑን**

እዚ ናይ አውስትራሊያ መንግስቲ ንምርጫ ግዘ ዝተጠቐመሉ “ኣንጻር ብጀልባ ዝመጹ ሰባት ምድል
ዳል” ዝብል ጎደና ይቕጽለሉ ኣሎ። እዚ ምግዲ እዚ ትኽክለኛ ምኽኑ ንምርኣይ እቲ መንግስቲ ን
ኹሎም ትኽክለኛ ስደተኛ ኣይኮኑን እናበለ ኣጥቢቑ ይዛረብ።

ናይ ሑቡራት መንግስትታት ናይ ስደተኛታት ውዕሊ ናይ ስደተኛታት ኣተሓሕዛ ናብ ሓደ ሃገር
ብዝኣትውሉ ኩነታት ምኽኒያት ክምዘን ከምዘይብሉን እቲ ናይ መዕቖቢ ሕቶ እውን ፈጺሙ ኣብቲ
ዝቐረበ ጥርዓን ሓቅነት ጥራሕ ምሰረት ክገብር ከምዘለዎ ይነግር። ናይ ስደተኛታት ቢሮ ናይ ባዕለ
- ኣሃዛዊ ጸብጻብ ከምዘምልክቶ ከባቢ 48% ዝኾኑ ናብ አውስትራሊያ ብምኽንያት መዕቖቢ ሕቶ ዝ
መጹ ጥርዓኖም ቁቡል ኮይኑ ክምዝተረኸበ እዩ።

**6. ብጅልባ ዝመጹ መስርዕ ዝጣሓሱ ኣብ ስደተኛታት ካምፕ ኮይኖም ካብ ዝጽበዩ ሰባት ቦታ ዝሰ
ርቑ እዮም**

መብዛሕቶም ብጀልባ ዝመጹ ሰባት ካብ ስደተኛታት ካምፕ ዝመጹ ኾይኖም እቶም ካምፕታት ይቕ
ር‘ዶ ንምውጻእ ንምንባር‘ውን እቲ ዕድል ጸቢብ ዝኾኑ ቦታታ‘ዮም። ሃዲሞም ንዝመጹሉ ሃገር ኣብ
ዝድግፉ ሃገራት ኣብ ዝርከቡ ካምፕታት ጉዳዮም ንኽራኣየሎም ጉቦ ንሰበ ስልጣን ውይም ሰራሕተ
ኛታት ምኽፋል ኣድላዪ ኮይኑ ይርኽቡዎ፥ ከምኡ‘ውን ጽልኢን ጎንጺን ዘጋጥመሉ ኩነታት ክህሉ‘ዩ።

ኣብ መብዛሕተን ስደተኛ በበዝሒ ዝፈረየለን ሃገራት ኢራቕን ኣፍጋኒስታንን ሓዊሱ ናይ አውስትራሊ
ያ መንግስቲ ወኪል ኣይርከብን፥ ከምኡ‘ውን ስደተኛ ክኾኑ ዝኽእሉ ሰባት ሪጋ ዝሕዝሉ ኣጋጣሚ
የለን። ዓዲ ንምግዳፍ ድልየት ይኹን ሓሳብ ምግላጽ‘ኳ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል።

**7. ብጅልባ ዝመጹ ሰባት ብሑቡዕ ንዘጓዓዕዙ ሰባት ገንዘብ ክኸፍሉ ዝኽእሉ ሃብታማት‘ዮም**

ብጎንጺ ኣብ ዝተናወጸ ሃገር ዝርከቡ ሰባት ካብ ጭንቂ ንኽወጹ ዘለዎም ጥሪት ሸይጦም ብሑቡዕ
ንዘጓዓዕዙ ሰባት ክኻፈሉ ይኽእሉ‘ዮም። ብዙሕ ዘመድ ዘለዎም ቤተሰብ ዘለዎም ኣቕሚ ኣኻኺቦም
ሓደ ሰብ ናብ ምዕራባዊ ሃገር ብሑቡዕ ንምልኣክ ኣብ ብዙሕ ዕዳ ይኣትው‘ዮም።

ብሓቂ ሃብቲ ዘለዎ ሰብ ሓደገኛ ካብ ዝኾነ ናይ ባሕሪ ጉዕዞ እሞ በዘየተኣማምን ጀልባ ካብ ምጉ
ዕዓዝ ናብ አውስትራሊያ ንምምጻእ ካሊእ መማረጺ ንምጥቃም ወጪ ክገብር ይኽእል‘ዩ። ዝኾነ ኮይ
ኑ ጥሪት ናይ ሃብቲ ሓደ ሰብ ስደተኛ ንኽኸውን ዝኽልኽሎ ምኽኒያት‘ውን የለን። እነድሕር ብስ
ርዓት ወይካዓ ንእስ ዝበሉ ዓሌታት ብማሕበረሰብ ብጽልዒት ዝርኣዩ ኾይኖም ናይ ንብረት ምብር
ካት ንሰባት ካብ ምኽሳስ የድሕኖም‘ዩ ምባል ዘይመስል‘ዩ።

**8. ናይ ስደተኛታት ቤት ማእሰርቲ ማእኸላት ከም መዘናግዒ ካምፕታት‘ዮም**

ካብ ናይ ፓርላማ ኮሚቴ፥ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፥ ናይ ኮመን ዌልዝ መንግስቲ ኦምቡድስማን ከ
ምኡ‘ውን ካብ ናይ ወዲ ሰብ መሰላት ኮሚሽን ዝወጹ ጸብጻባት ኣብ አውስትራሊያ ሽድሽተ ዝኾኑ
ናይ ስደተኛታት ቤት ማእሰርቲ ማእኸላት ምክያድ ወቒሶም። ናይቲ መንግሰቲ ናይ ስደተኛታት ቤ
ት ማእሰርቲ መማኸርቲ ኣካላት ናይ ውመራ ቤት ማእሰርቲ ዘይጥዕም ሕማቕን ዘፍርሕን ከምዝኾነ
ገሊጾም፥ ክዕጾ ከምዘለዎ ምኽሪ ሂቦም።

ብዙሕ ስደተኛታት ካብ ስቓይን ኣቕሊ ጽበትን ወይካዓ ካብ ንነዊሕ ዓመታት ስደተኛታት ካምፕ
ከምጽናሕ ዝተበገሰ ብዙሕ ግዘ ጽኑዕ ናይ ጥዕና ጸገም የጋጥም እውን‘ዩ። ዝወጹ ናይ ሕክምና መ
ረዳእታታት ኣብ አውስትራሊያ ቤት ማእሰርቲ ማእከላት ምጽናሕ ከምዚ ንዝመሳሰሉ ኩነታት ከምዝ
ገአለጹ የምልክቱ። ሓካይም ዶክተራትን ሰራሕተኛታትን ዱኹም ናይ መዝገብ ኣታሓሕዛን ሕማም
ምግጋይን ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ሉሙድ ከምዝኾነ ሪፖርት ጌሮም።

እቶም ቤት ማእሰርቲ ማእኸላት ብናይ አውስትራሊያ ጌጋ መኣረሚ ኣታሓሕዛ ክመሓዳድር እንክሉ
ብናይ አሜሪካ ናይ ውልቂ ሃብቲ ናይ ዑሱር ምምሕዳር ጨንፈር ብዝኾነ ናይ ዋከንሃት ጌጋ መኣ
ረሚ ግልጋሎት ሓገስ ይካየድ። ዋከንሃት ኣብ አሜሪካ ናይ ኮንትራት ውዕሊ ብዘይ ምምላእን ኣብ
ቤት ማእሰርቲ ናይ ”ኡሱራት” ሞት ብምብዝሑን ብዙሓት ናይ ሕጊ ጉዳያት ኣጋጢሙዎ ዘሎትካል
እዩ።

ግድነታዊ ማእሰርቲ እቲ ብጣዕሚ ክባር ዝኾን ናይ መዕቖቢ ሓተትቲ ኣታሓሕዛ መንገዲ‘ዩ። ኣብ
ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበሩ መማረጸታት ኣብ ሙሉእ ዓለምን ኣብዚ አወስትራሊያ ናይ ምሕረት ስ
ርዓት ክርከቡ ይካኣሉ‘ዮም።

**9. አውስትራሊያ ንምእታው ቀሊል‘ዩ ምክንያቱ ንስደተኛታት “ለጋስ” ስለዝኾነት**

ኣብ አወስትራሊያ ዋላ ድሕሪ ናይ ስደተኛ ፈቃድ ምርካብ‘ውን መዕቖቢ ንዝሓቱ ናብራ ከቢድ‘ዩ።

ብዘይ ፈቓድ ንዝኣትው ጊዚያዊ ናይ መንበሪ ፍቓድ(TPV) ኣብ ዝስዕቡ ኩነታት ዝተመርኮዘ ይው
ሓቦም:

- ንኹሎም ብማእኸላይ መንግስቲ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዝካየዱ ናይ ስራሕ ፕሮግራም መደባት፥ ና
ይ እንግሊዝኛ ቛንቛ ክፍልታትን ናይ ናብራ መጠየሺ ኣገለግሎታት ዝተፈቐደሎም ኣይኮኑን።
- ናይ አውስትራሊያ ሓለዋ ከይተሰረዘ ስድርኦም ንኽርእዩ ናብ ካልእ ሃገርብ ክኸዱ ከምዘይኽእሉ
እናተፈለጠ ስድራ ቤት ናይ ምርኻብ ፕሮግራም ዝተኣግዱ‘ዮም።

ክሳብ መስከረም (September) 2001, ግዚያዊ ናይ መንበሪ ፈቓድ(TPV) ዝሓዙ ድሕሪ 30 ወርሓት ናይ ነባርነት ፍቓድ ናይ ምምለካት መሰል ነየርዎም። ብዙይ ሕጊ ንዝኣትው ሰባት ዘይሓውስ ናይ ነባርነት ፈቓድ ፈጺሞም ንኸየመልክቱ ዝግበር ናይ ሕጊ ለውጢ ድሕሪ ምክያዱ ግና እዚ ኩነታትየ ለን።

እቲ ለውጢ ኣብ ዝተንከፎም ማሕበረሰባት ውሽጢ ምስሕሓብን ምክፍፋልን፥ ኣብ ከባቢን ናይ ክ ፍለ ሃገራት መንግስታዊ ትካላትን ከምኡውን ንስደተኛታት ሓገዝ ኣብ ዝህቡ ትካላትን ጸቕጢ ፈጢ ሩ እዩ።

ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ክፍሊትን ናይ ስራሕ ደገፍን ምኽልካል ስደተኛታት ንሕብረተሰብ ዘወፍዩሉዓ ቕሚ ብጣዕሚ ይጎድእዩ።

ብዛዕባ ስደተኛታት (ብሪስበን ኸተማ መማኸርቲ 2002) ካብ ኣፈ ታሪኽን ሓቃዊ /*Myths & Facts* ምርኣይ። ንዝበልጸ መርዳእታ ጆምስ ሃርበር/James Harper ዝብሓል ብስልኪ (07) 3403 5412 ኣዛርቡ ወይድማ ኢሜል/email cdoc@brisbane.qld.gov.au ርኣዩ።